# ንኤርትራውያን መንእሰያት
# ባሕሪ እውን ትዘርዮም ኣላ

(ድምጺ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን-1)
10.06.07

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ህግዲፍ ብዘይ ናይ ሃይማኖት፡ ዓሌትን ከባብን ኣፈላላይ ንኹሉ ኤርትራዊ ብዘይ ንሕስያ ይድህኽ ከም ዘሎ ኣይኮነንዶ ነዓና ንኤርትራውያንስ ንዘይኤርትራውያን'ውን ብሩህ እዩ። ብሩህ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ምረትን ሕሰምን ደረቱ ኣብ ዝሓለፈሉ ደረጃ ኢና በጺሕና ዘለና። ኤርትራውያን ነዚ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ በደል ኣሜን ኢሎም ክቕበልዎ ባህርያዊ ኣይኮነን። ናይ ኤርትራውያን ሕሉፍ ታሪኽ እውን ንመከራ ምቅላሱን ምስዓሩን እምበር ኣሜን ኢልካ ምቕባሉ ኣይኮነን። ንመጻኢ እውን እዚ ናይ ኤርትራውያን መለለዪ ዝኾነ ንዘይፍትሓዊ ኣመራርሓ ናይ ምቅዋም ተግባር ቦታኡ ኣይክቕይርን እዩ።

ምስቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ሓይሊ ብጸጥታን ስለያን ዝተረጨነ ምዃኑ ኣብ ኤርትራ ኮንካ እትጥቀሞ ተቓውሞኻ ናይ መግለጺ ጥበብ ክሳብ ክንደይ ረቂቕን ምስጢራውን ክኸውን ከም ዝኽእል ምግማት ኣየጸግምን። ሎሚ ብፍላይ በቲ መንእሰይ ብሰፊሑ ዝውሰድ ዘሎ ኣንጻር ህግዲፍ ተቓውሞኻ ናይ ምግላጽ ስጉምቲ ካብ ኤርትራ በብዝጥዕመካ ኩርናዕ ምውጻእ እዩ። እቲ መንእሰይ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ምውሳዱ ቅኑዕ ድዩ ወይስ ግጉይ ብዙሕ ዘዛርብ ዘሎ ኩነት እዩ። ናይቲ ስርዓት ኮራኩር ኣበይ ኣለዉ ብዝየገድስ እቶም መንእሰያት ስለምንታይ ናይ'ቲ ስርዓት መጻወቲን ሃነጽቲ ገዛ መራሕትን ዘይኮኑ ብዝብል ነቲ ናይ መንእሰያት ካብ ሃገር ምውጻእ ክቃወምዎ ይስምዑ እዮም። ምቅዋም ጥራይ ዘይኮነስ ብኽድዓት ሃገር ክኸስዎም ዝደናደኑ እውን ኣለዉ። እዚኣቶም በቲ ስርዓት ህግዲፍ ''..ንሕና ሃገር ንሕና ህዝቢ...'' ዝብሎ ናይ ሓሶት መዝሙር ምስ ተሰለቡ ናብ ልቦም ዘይተመልሱ ግኑዛት እዮም።

በቲ ሓደ ወገን ድማ ነቲ መንእሰያት ዝወስድዎ ነቲ ስርዓት ናይ ምርሕራሕ ስጉምቲ ዝድግፉ ኤርትራውያን ኣለዉ። እዚኣቶም ነቲ ናይቲ ስርዓት እኩይ ተግባራት ዝተረድኡ ጥራይ ዘኮኑስ ንኤርትራ ከም ልኡላዊት ሃገርን ነቲ ስርዓት ከም ጸረ-ህዝቢ ጉጅለን ፈልዮም ክርድኡ ዝኸኣሉ እዮም። ነዚ ናይ መንእሰያት ካብ ሃገር ምውጻእ ብቐጥታ ክቃወምዎ ትብዓትን ድፍረትን ዝሰኣኑ ወገናት ድማ እቶም መንእሰያት ዝወጽሉ ዓዲ ክመርጽሎም ይስምዑ እዮም። ንኣብነት ስለምንታይ ኣብ ክንዲ ናብ ኢትዮጵያ ዝወጹ ናብ ሱዳን ዘይከዱ ክብሉ ምስማዕ ዝተለመደ እዩ። እዚ ብትሕዝቶኡ ካብቲ ስለምታይ ስርዓት ህግዲፍ ከም ናይ ግሉ ንብረት ድላዩ ክገብሮም ኣሜን ኢሎም ዘይቅበሉ ዝብል ግጉይ መጐት ዝተፈለየ ኣይኮነን። ሕሉፍ ሓሊፎም ነቶም ጸረ-ህዝቢ ምምሕዳሩ ገዲፎም ዝወጹ ዘለዉ መንእሰያትስ ስርዓት ህግዲፍ፡ ምስ መን ከም ዝፋተዉን ምስ መን ከም ዝጻልኡን ብናቱ መዕቀኒ ክመርጸሎም ይደልዩ ኣለዉ ማለት እዩ። እቶም ዝወራዘዩ ንገዛእ ርእሶም ሓለንጊ ህግዲፍ ፈሪሖም ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ዘይደፍሩ ምዃኖም የስደምም።

እቲ ቀንዲ ቁምነገር እምበኣር እቲ እዞም መንእሰያት ዝመርጽዎ ዝተፈላለየ ካብ ሃገር መውጽኢ መንገድታት ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ቁምነገርስ ናይዞም መንእሰያት ናይ ድሕሪ ካብ

ሃገር ምውጻእ ውሳነ እዩ። ውሳነ ማለትና ድማ ድሕሪ ካብ ኤርትራ ምውጻእ ዝወስድዎ መተካእታ ማለትና እዩ። ስለምንታይ ካብ ኤርትራ ይወጹ ኣለዉ ግና ኣቐዲሙ ምሉስ ስለ ዝኾነ ኣየዛርብን እዩ። እቲ መሰረታዊ ጠንቂ ካብ ሃገር ምውጻእ እቲ ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጥሮ መከራን ሕሰምን እዩ። ከም ርዱእ ድማ ናይ'ዚ መንእሰይ ቀዳማይ ዕማም ነዚ ሃገሩ ንክለቅቕ ጠንቂ ዝኾኖ ስርዓት ህግዲፍ  ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ብጽሒትካ ምውፋይ እዩ። እዚ ናይ መንእሰይ ዕማም ኣብ ኤርትራ ሎሚ ከም ሓድሽ ሀ-ኢልካ ዝዝረበሉ ዘይኮነስ እዞም ሎሚ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ ዘለዉ መራሕቲ ውድባት ኤርትራውያን ተቓለስቲ በቲ ውዑይ ሓይሎም፡ ኣብቲ ውዑይ ናይ ቃልሲ መድረኽ ምእንቲ ነጻነት ኤርትራ ኣርጋጊጸሞ እዮም። ነቲ ብገዛእቲ ስርዓታት ኣብ ልዕሊኦምን ኣብ ልዕሊ ህዝቦምን ዝካየድ ዝነበረ ኩሉ ዓይነት ግፍዕታት ተቓዊሞም፡ ናብ ሜዳ ክወጹ እንከለዉ ካብቲ ሽዑ ገዛኢ ዝቆጻጸሮ ዝነበረ ኤርትራዊ ክሊ ርሒቑም እምበር ናይቲ ቃልሲ ወረ ናብ ዘይስመዓሉ ርሑቕ ቦታ ኣይከዱን። ሳላ ከምኡ ዝገበሩ ድማ ናይቲ ቃልሲ ናይ ምቅብባል ባህሪ ብተግባር ኣርእዮም። ነቲ ካብ መንእሰይ ዝጥለብ ንዝሓለፈን ንመጻኢን ተመኩሮ ናይ ምርኽኻብ ግቡኦም ድማ ከምቲ ዝድለ ኣረጋጊጸሞ። ንሳቶም እዚ ሓላፍነቶም'ዚ ክፍጽሙ ዝኸኣሉ እምበኣር፡ እቲ ናይ ሽዑ ቃልሲ ካብዚ ናይ ሕጂ ዝቐለለን እቲ ጉዕዞ ዝለመጸን ስለ ዝነበረ ኣይኮነን። የግዳስ እቲ ሓላፍነት ናታቶም ምዃኑ ብምርዳእ፡ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ኣንጻር ቀዳማይ ገዛኢ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ቀዳምነት እናሃቡ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ነቲ ውሽጣዊ ኩርዃሕ ብቓልሲ ኣናመድመዱ እዮም ተጓዒዞም። እዚ ድማ ኣብ ቃልሲ ካብ ተሰለፍካ ናይ ግድን ክትጽበዮን ክትሓልፎን ዝግባእ ፖለቲካዊ መስርሕ እዩ።

ኣብዚ ግና መንእሰያት ብቐጥታ ኣብቲ ቃልሲ ካብ ምስታፍ ወጻኢ ናታቶም ምርጫ ናይ ምውሳድ መሰል የብሎም ማለት ኣይኮነን። እዞም ኣካላት እዚኣቶም ኣብ ዝመረጽዎ ቦታ ከይዶም ብዝድልብዎ ፍልጠ ኮነ ሃብቲ ጽባሕ ሃገር ኣብ ምህናጽ ዝህልዎም ብጽሒት እውን ኣናኢስካ ዝርኤ ኣይኮነን። እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ምእንቲ ኣርሒቕካ ኬድካ ፍልጠት ወይ ሃብቲ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ጉዕዞ እቲ ስጉምቲ ህዉኽን ናይ ዓቕሊ ጽበትን ኮይኑ፡ ብዋጋ ህይወትካ ትኸዶ ከይከውን ምጥንቃቕ የድሊ። ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝሓሸ ሃገር ኮይኖም ናይዞም ካብ ሃገር ወጺኦም ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ መደበር ስደተኛታት ዘለዉ ወገናቶም ናብ ውሑስ ሃገር ንምውሳድ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ ብኸመይን መዓስን ንዝብል ጉዳያት ግቡእ ቆላሕታ ክህብዎ ይግባእ። ከም ብሱዳን ኣቢልካ-ናብ ሊቢያ-ማልታን-ኤውሮጳን ወይ ድማ ብኢትዮጵያ ኣቢልካ ናብ-ኬንያ-ኡጋንዳ-ደቡብ ኣፍሪቃን-ኣሜሪካን ዝኣመሰሉ መንገድታት ንኽመርጹ ምትብባዖምን እልቢ ዘየብሉ ገንዘብ ምልኣኽን ግና ኣዝዩ ሓደኛ እዩ። እዚ ማለት ግና ብገንዘብን ሓሳብን ኣይሓግዝዎም ማለት ኣይኮነን።

ኩልና ከም እንከታተሎ ኤርትራውያን መንእሰያት ብዘይ ውሑስ መስመር ብመንገዲ ሊቢያ ኣቢሎም ናብ ኤውሮጳ ዝገብርዎ ጉዕዞ ኣዝዩ ሓገደኛ ምዃኑ ይርኤ ኣሎ። እቲ ዝለዓለ መግለጺ ናይ'ዚ ሓደገኛ ጉዕዞ ውጽኢት ድማ ናይ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ባሕሪ ምጥሓል እዩ። እዚ ተረኽቦ'ዚ ብተደጋጋሚ ካብ ዝፍጸም ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። ብሰንኪ እዚ ሓደገኛ ጉዕዞ ካብ ሻቕሎት ናብ ሓዘን ዝተሰጋገሩ ወለድን ቤተሰብን ብዙሓት እዮም። ኣንተኾነ መንእሰያትና ነዚ ሓደገኛ ፍጻመ ሕጂ'ውን ኣይተማህርሉን።

ብኣንጻሩ በዚ ዘይውሑስ መስመራት ዝግበር ጉዕዞ ጌና ይውስኽ ኣሎ። እቲ ዘጋጥም ሓደጋታት ድማ ብኽንድኡ ደረጃ ይውስኽ ኣሎ። እቲ ዘይስማዕን ዘይውረን ገዲፍካ በብግዜኡ ንሰምዖ ዘለናን ናይ ዓለም ማዕከናት ዜና ቀልቢ ዝሰሓበን ሓደጋታት ኣዝዩ ዘስካሕክሕ እዩ። ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ንስክላ ዝደሓኑ 57 ኤርትራውያንን፡ እቲ ኣብ ማያዊ ከባብታት ማልታ ኣብ ባሕሪ እናተንሳፈፈ ዝተራእየ ናይ ኣስታት 21 ኤርትራውያን ምኻኖም ዝግመቱ ሰባት ሬሳን ተዘከርና ጥራይ እቲ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ኣሰቃቒ ምዃኑ ምስትውዓል ኣየጸገምን። እዚ ነቲ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ሊቢያን ማልታን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን

ዝፍጻም ዘሎ ግሃነብ እሳት ከይወሰኽካ እዩ። ብዙሓት ከም ዝብልዎ ናይዚ ዘይሕጋዊ ጉዕዞ ሳዕቤን ኣብ ኤውሮጳ ምስ በጻሕካ እውን ብቐሊሉ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ዝሰርዕዎ መደባት ኣብ ‘’..ዝወሓጠ ይውሓጠና…’’ ዝተመርኮሰ ዕሙት ኣካይዳ ክኸውን ኣይግበኦን።